# ርክብ ክትገብሩ ከለኹም

## እቲ ናይ መስመር ስልኪ እዚ ክሕግዘኩም ይኽእል፦

- ኣብ መንጎ ገበን ጽልኢን ፍጻሜ ወገናውነትን ዘሎ ፍልልይ ንምርዳእ
- እንታይ ኣማራጺታትን ጸጋታትን ከምዘሎ ንምፍላጥ
- ኣብ ከባቢኹም ምስ ዝርከቡ ግዳይ ማእከል ዝገበሩ፡ ባህላዊ ብቑዓት ዘለዎምን ስንባደ ዝሕብሩን ኣገልግሎታት ንምርኻብ

ነቲ ተግባር ብቐጥታ ዘጋጠመኩም ይኹን ወይ ዝረኣኹምዎ፡ በቲ ናይ ረድኤት መስመር ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብዛዕባ እቲ Hate Crimes & Bias Incidents Hotline

**እቲ መስመር ቴሌፎን፡ ህጹጽ ዘይኮነ ሓበሬታን መወከሲን ነጥቢ** ናይ ብገበናት ጽልእን ወገናውነትን ዝተሃስዩ ውልቀሰባት ደገፍ ንኸረኽቡ ዝሕግዝ እዩ። እቲ መስመር ስልኪ ብብዙሕ ቋንቋታት ዘሎን ምስጢራውን እዩ። እቲ መስመር ስልኪ ንኣኽበርቲ ሕጊ ኣብ እትደልይዎ እዋንን ብፍቓድኹምን ጥራይ እዩ ዝረክብ።

### ከመይ ገርኩም ትሕብሩ

855-225-1010

atg.wa.gov/report-hate

ምስ ሓደ ብቋንቋኹም ዝዛረብ ሰብ ክትራኸቡ ኢኹም።

Washington State Hate Crimes & Bias Incidents Hotline

# ፅልኢ ሓብሩ። ደገፍ ርኸቡ።

ፅልኢን ወገናውነትን ኣብ ውልቀ-ሰባት፣ ስድራቤታትን፣ ማሕበረሰብን ናይ ሓቂ ጽልዋ ኣለዎ። ናይ Washington State Hate Crimes & Bias Incidents Hotline (መስመር ቴሌፎን ገበናት ጽልእን ፍጻመታት ወገናውነትን ግዝኣት ዋሽንግተን) ነቲ ተግባር ፅልኢ ዘጋጠሞ ወይ ዝረኣየ ዝኾነ ሰብ ንምድጋፍ ድልዉ እዩ።

እቲ መስመር ቴሌፎን ኣብ መላእ ግዝኣት **ነጻን፣ ምስጢራዊን** ሓገዝ ይህብ። እቲ ዘጋጠመ ገበን ድዩ ኣይኮነን ምፍላጥ ኣየድልየኩምን እዩ። ኣማራጺታትኩም ንኽትርዳኡ ክንሕግዘኩም ኢና።

### ናይ መስመር ስልኪ ኣዘራርባ

855-225-1010

atg.wa.gov/report-hate

**ብብዙሕ ቋንቋታት ይርከብ**

ኩነታት ስደትኩም ብዘየገድስ እቲ መስመር ስልኪ ምስጢራዊ፣ ነጻን ኣብ መላእ ግዝኣት ዝርከብን እዩ። ንሕና ፖሊስ ኣይኾናን፡ ብዘይ ፍቓድኩም ድማ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ኣይንህብን ኢና።

ብWashington State Office of the Attorney General (ብቤት ጽሕፈት ዓቃቤ ሕጊ ክፍለ ግዝኣት ዋሽንግተን) ዝቐረበ።

ኩነታት ስደትኩም ብዘየገድስ እቲ መስመር ስልኪ ምስጢራዊ፣ ነጻን ኣብ መላእ ግዝኣት ዝርከብን እዩ። ንሕና ፖሊስ ኣይኾናን፡ ብዘይ ፍቓድኩም ድማ ናብ ፖሊስ ጸብጻብ ኣይንህብን ኢና።

ብWashington State Office of the Attorney General ዝቐረበ።

ጽልኢ ሓብሩ።
ደገፍ ርኸቡ።



## ገበን ፅልኢ እንታይ እዩ?

ኣብ ዋሽንግተን፣ ገበን ፅልኢ ካብዘም ዝስዕቡ ብዙሓት ነገራት ሓደ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ዝግበር **ክፋእን ኮነ ተባሂሉ ዝተገብረ መጥቃዕቲ፡ ዕንወት ንብረት፡ ወይ መጥቃዕቲ ንምፍጻም ወይ ንብረት ንምዕናው ዝግበር ምፍርራሕ** ክኸውን ይኽእል እዩ።

### ገበን ፅልኢ ዝፍፅም፡ ብምኽንያት እቲ ሓደ ሰብ ዘለዎ ዝተገመተ ወይ ናይ ሓቂ፦

- ዓሌት
- ሕብሪ
- ሃይማኖት
- ትውልዲ
- ሃገራዊ መበቆል
- ፆታ
- ጾታዊ ዝንባለ
- መንነት ወይ መግለጺ ጾታ
- ናይ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ወይ ህዋሳዊ ስንክልና

**ናይ ፅልኢ ገበናት ኣብ ዋሽንግተን ወንጀላት እዮም** (RCW 9A.36.080)።

## ወገናውነት ፍፃመ እንታይ እዩ?

ወገናውነት ፍጻሜ **ተጻባኢ መግለጺ ጽልኢ** ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ እዩ፣ ብምኽንያት እቲ ዝተገመተ ወይ ናይ ሓቂ፦

- ዓሌት
- ሕብሪ
- እምነት ወይ ሃይማኖት
- ትውልዲ
- ሃገራዊ መበቆል
- ዜግነት ወይ ኩነታት ስደት
- ፆታ
- ብኽብሪ ዝተፋነወ ገዲም ተጋዳላይ ወይ ወተሃደራዊ ኩነታት
- ጾታዊ ዝንባለ
- መንነት ወይ መግለጺ ጾታ
- ናይ ህዋሳዊ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ወይ ኣካላዊ ስንክልና
- ዝሰልጠነ መራሒ ኸልቢ ወይ ኣገልግሎት ዝህብ እንስሳ ምጥቃም

### ናይ ወገናውነት ፍጻመ ናብ ደረጃ ገበን ኣይድይብን እዩ።

**ኣብነታት እዚ የካትቱ፦**

- ኣብ ዝተገመተ ባህርያት ዝተመስረተ ጸርፊ ቋንቋ ምጥቃም።
- ዓሌታዊ ወይ ዘሕስር ምስልታት ወይ ስእልታት ምፍጣር።
- ንናይ ሓደ ሰብ ስንክልና፡ ባህላዊ ስርዓታት ወይ ልምድታት ምልጋጽ።